ሓድሽ ክፍሊ

**WAC 296-62-600 ጥዕና ህዝቢ ህፁፅ ሓደጋ ሪፖርት ናይ ምግባርን ናይ ተላበድትን ተመሓላለፍቲ ሕማማት ምልክታ፡፡**

[]

ሓድሽ ክፍሊ

**WAC 296-62-60001 ዕላማን ስኮፕ፡፡** WAC 296-62-600 እስካብ 296-62-60005 ተላበድቲ ወይ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ክለዓሉ ከለውን ንሰራሕተኛታትን ኢንዱስትርን (L&I) ናይ ሞያዊ ድሕንነትን ጥዕና ክፍሊ(DOSH) ክፍልጥን ኣብ ህፁፅ ህዝባዊ ጥዕና በቲ ዝተቐመጠ ናይ ህፁፅ ጥዕና ናይ ስራሕ መለክዒ ሕጊ ክፍሊ 2 ን 3 ምዕራፍ 252, 2021 መሰረት ብምግባር ብዛዕባ ተላበድቲ ሕማም ንሰራሕተኛታት ክፍልጥ የገድድ፡፡ እዞም መለክዕታት ኣብ ዋሽንግተን ስቴት ህፁፅ ናይ ህዝባዊ ጥዕና ሓደጋ ከጋጥም ከሎ ኣብ ሰራሕተኛታት ዝትግበሩ እዮም፡፡

[]

ሓድሽ ክፍሊ

**WAC 296-62-60002 መግለፅታት።** **ሽፋን ዘለዎ ሰራሕተኛ** እዚ ማለት ብመሰረት WAC 296-27-02103 OSHA 300 መዝብ ናይ ሰራሕተኛ ማህሰይትን ሕማም ናይ ምምዝጋብ ሓላፍነት ዘለዎ ኣስራሒ፡ WAC 296-27-02103(2) መሰረት ብምግባር ዕለታዊ ሰራሕተኛ ዘቐርቡ ካብ ግዝያዊ ናይ ደገፍ ኣገልግሎት ኣስራሕቲ፡ ናይ ኣስራሕቲ ሊዝ ኣገልግሎት፡ ሰባት ናይ ምቕራብ ኣገልግሎት ይሓውስ።

**ህፁፅ ናይ ህዝቢ ጥዕና ሓደጋ** ዝኾነ ተላባዲ ወይ ተመሓላላፊ ሕማም ለበዳ ሓዊሱ ነዚ ዝምልከት ትእዛዝ ከምዚ ዝስዕብ ይወፅእ፡

(a) ፕረዝዳንት ዩናይትድ ስቴት ኣብ ዋሽንግተን ስቴት ዘለዋ ሕደሕድ ካውንትታት ዝሽፈነ ሀገራዊ ወይ ክልላዊ ህፁፅ ሓደጋ እንተኣዊጁ፡ ወይ

(b) ናይ ዋሽንግተን ስቴት ኣመሓዳሪ ኣብ ሕድ ሕድ ናይታ ስቴት ካውንቲ ብመረት RCW 43.06.010(12) ህፁፅ ግዝያዊ ኣዋጅ ክእውጅ ይኽእል እዩ።

[]

<u>ሓድሽ ክፍሊ</u>

**WAC 296-62-60003 ሓፈሻዊ መምርሕታት።** (1) WAC 296-62-600 ክሳዕ 296-62-60005 ሰራሕተኛታት ዘለዎም ዝኾነ ዓይነት ሕማም ንኣስራሒኦም ክዛረቡ ኣይግደዱን።

(2) WAC 296-62-600 ክሳዕ 296-62-60005 ኣብ ትሕቲ ናይ ስቴት ወይ ፌደራል ሕጊ ኣስራሒ ሪፖርት ክገብር ንዝግብኦ ካልእ ዓይነት ሪፖርታት ሓላፍነት ኣይፃባእን ወይ ኣይጥሕስን፡፡

[]

<u>ሓድሽ ክፍሊ</u>

**WAC 296-62-60004 ኣብ ህፁፅ ህዝባዊ ጥዕና ሓደጋ ኣብ ዝጅመረሉ እዋን ሪፖርት ናይ ምግባር ግዴታ፡፡** ኣስራሕቲ በዚ ዝስዕብ መንገዲ ለበዳታት ሪፖርት ክገብሩ ኣለዎም፡

(1) ኣብ ህፁፅ ህዝባዊ ጥዕና ሓደጋ እዋን ካብ 50 ንላዕሊ ሽፉን ዘለዎም ኣብ ስራሕ ቦታ ዝሰርሑ ሰራሕተኛት ዘለዎም ክገብርዎ ዘለዎም፡

(a) ምስ ተሓበረሎም ኣብ 24 ሰዓታት ናብ L&I ሞያዊ ድሕንነትን ጥዕና ክፍሊ (DOSH) ሪፖርት ይገብር፡

(i) ብዝተኻየደ ምርመራ ዓሰርተ ወይ ልዕሊኡ ሽፉን ዘለዎም ኣብቲ ትካል ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ምርመራ እንተድኣ ተኻይድሎምን ዋሽንግተን ስቴት ክፍሊ ጥዕና ወይ ከባብያዊ ጥዕና ብዘለዎ ስልጣን ኣብ ስራሕ COVID-19 ለበዳ ከምዘሎ ይሕብረሉ፡ ወይ

(ii) በዞም ዝስዕቡ መፈለምታን መወዳእታ ነጥብታት ዓሰርተ ወይ ልዕሊኡን ዝኾኑ ኣብ ዝኾነ እዋን ዝተኻየዱ ምርመራታት፡

መፈለምታ፡ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ዝኾኑ ምርመራ ዝተኻየደሎም ሰራሕተኛታት እቲ ሕማም ከም ዝተጠቕዑ ኣብ ውሽጢ 14 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልትታት ኣፈላላይ ዝተረኽበ እንተድኣ ኮይኑ፡፡

መወዳእታ፡ ኣብቲ ስራሕ ብዝተኻየደ ምርመራ እቲ ናይ መወዳእታ ፖስቲቭ ውፅኢት ድሕሪ ምርካቡ 28 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልትታት እንተድኣ ሓሊፎም፡፡

(b) ናብ DOSH 1-800-4BE-SAFE (1-800-423-7233) ብምድዋል ሪፖርት ምግባርን ሞት፡ ሆስፒታል ምእታው፡ ውነኻ ምስሓት ወይ ዓይንኻ ምስኣን ሪፖርት ናይ ምግባር መማረፂ ምጥቃም፡፡

**ሕድገት፡**

- ኣብ ውሽጢ ለበዳ ዘለው ኣስራሕቲ ክሳዕ እቲ ለበዳ ክሳዕ ዝውዳእ ንDOSH ሪፖርት ንክገብሩ ኣይግደዱን፡፡
- ኣብ ውሽጢ ለበዳ ዘለው ኣስራሕቲ እቲ ሕማም ኣለዎ ተባሂሉ ዝተፈለየ ጉዳይ ብስሕተት ከም ዝነበረ ዝተረድኡ ኣስራሕቲ እቲ ኩነታት ለበዳ ንድሕሪት ተመሊሶም ዳግማይ ገምጊሞም ንDOSH ሪፖርት ክገብሩ ትፅቢት ኣይግበረሎምን፡፡ እቲ ለበዳ ቅድሚ ምምፅኡ ዝነበረ ከይዲ ክቕፅል ይኽእል እዩ፡፡

(2) ንዚ ንኡስ ዓንቀፅ ዕላማ ብምግባር፡

(a) <<ናይ ስራሕ ቦታ>> ወይ << ናይ ስራሕ ቦታ>> ማለት እቲ ሰራሕተኛ ነቲ ክሰርሕ ወይ ኣለግሎት ክህበሉ ዝተቐፀረሉ ስራሕ ንምስራሕ ዝኣትወሉን እቲ ኣስራሒ ናይ ምእታው መሰል ዘለዎ ከም ፋብሪካ፡ ግቢ፡ ክፍሊ፡ ወይ ካልእ ቦታ፡፡

(b) <<ዝተረጋገፀ ውፅኢት>> ማለት ተላባዒ ሕማም ኣለኩም ማለት እዩ፡፡

**ኣገዳሲ ሓበሬታ፡-** ናብ DOSH ሪፖርት ክትገብሩ ከለኹም ናይቲ ሰራሕተኛ ሽም ወይ ውልቃዊ መለለዪ መረዳእታ ኣየተካትቱ፡፡

[]

ሓድሽ ክፍሊ

**WAC 296-62-60005 ናይ ምቅላዕ ብዝምልከት ናይ ምፍላጥ መለከዒ፡፡** ናይዚ ክፍሊ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ን (2) ብሰመረት RCW 9A.50.010 ካብ ጥዕና ክንክን ትካል ወፃኢ ንዝሰርሑ ኣስራሕቲ ይምልከት፡፡ ናይዚ ክፍሊ ንኡስ ክፍሊ (3) ን (4) ብመሰረት RCW 9A.50.010 ኣብ ጥዕና ትካል ንዝሰርሒ ዝምልከት ይኸውን፡፡ ናይዚ ክፍሊ ንዑስ ዓንቀፅ (4) ንኹሎም ኣስራሕቲ ይምልከት፡፡

(1) ኣብ RCW 9A.50.010 ብዝተገለፀ መሰረት ካብ ናይ ጥዕና ትካል ኣስራሕቲ ወፃኢ፡ ኣስራሒ ናይ ምቅላዕ ምልክታ እንተድኣ በፂሕዎ ናይ ምቅላዕ ምልክታ ምስ በፅሖ ኣብ ውሽጢ ናይ ስራሕ ሰዓት፡፡

(a) እቲ ብቑዕ ዝኾነ ሰራሕተኛ ከተሓላልፍ ኣብ ዝኽእለሉ ተመሳሳሊ መዓልቲ ኣብቲ ትካል ናይ ስራሕ ቦታ ንዝነበሩ ኩሎም ሽፋን ዘለዎም ሰራሕተኛታት ናይ ፅሑፍ ምልክታ ምሃብ፡፡ እቲ ናይ ፅሑፍ ምልክታ ድማ እቲ ሽፋን ዘለዎ ሰራሕተኛ ተቓላዒ ኮይኑ ክኸውን ከም ዝኽእል ክገልፅ ኣለዎ፡፡

(i) COVID-19 ዘለዎም ሰባት፡ ናይ ሕማም ስምዒት እንከይተሰምዖም/ምልክት ቅድሚ ምርኣዮም (ወይ ምልክት ንዘርኣዮ ሰባት ድማ ምርመራ ናሙና ቅድሚ ምውሳዱ ክልተ መዓልቲ ቀዲምካ) ክልተ መዓልቲ ኣቐዲሞም ክሳዕ እቲ ሰብ ካብ ስራሕ ንክፍለይ ወይ/ ዝወፃሉ እዋን ወይ እቲ ናይ ሕማማት መቆፃፀሪ ማእኸል (CDC's) ናብ ስራሕ ምምላስ መለከዒ ፕሮቶኮል፡ እዚ ድማ እቲ ዝነውሐ እዩ

(ii) እቲ ናይ ፅሑፍ ምልክታ ኣስራሒ ስራሕ ዝምለከቱ መረዳእታት ዝጥቀመሉ መንገዲ፡ ማለት እውን ውልቃዊ ኣገልግሎት፡ ኢሜይል፡ ወይ ናብቲ ሰራሕተኛ ምስ ተልኣኸ ኣብ ውሽጢ ሓደ ናይ ንግዲ መዓልቲ ክበፅሕ እዩ ኢሉ እንተተሓሲቡ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ሓዊሱ በዚ ክይተገደበ ክለኣኽ ኣለዎ፡፡

(iii) እቲ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ብኢንግሊዝኛን መብዛሕትኡ ሰራሕተኛ ብዝርድኦ ንቋንቋ ክፀሓፍ ኣለዎ፡፡

(b) ብተወሳኺ ናይ ፅሑፍ ምልክታ ን፡

(i) ናይቲ ሰራሕተኛ ማሕበር ተወካሊ እንተድኣ ኣሎ ኣብ ትሕቲ WAC 296-62-600 ክሳዕ 296-62-60005(1) ምሕባር፡፡

(ii) ዝኾነ ግዝያዊ ናይ ሓገዝ ኣገልግሎት፡ ሰራሕተኛ ሊዝ ኣገልግሎት ወይ በዓል ሞያ ኣቕረብቲ ዝኾኑ ናይቲ ሰራሕተኛ ኣስራሕቲ ኣብ ትሕቲ WAC 296-62-600 ክሳዕ 296-62-60005(1) ይሕበረሎም፡፡

(c) ኣብ ትሕቲ WAC 296-62-600 ክሳዕ 296-62-60005 (1)(a)(iii) ናይ ፅሑፍ ምልክታን ዝወሃበሉ ግዘ ዝምልከት ኣብ ናይቲ ማሕበር ተወከልትን ኣብ ትሕቲ እዚ ንሰራሕተኛት ዝምልከት እዩ፡፡

(2) ኣብ ትሕቲ እዚ ክፍሊ ዝካተት ዝኾነ ሰራሕተኛ ወይ ውልቃዊ መለለይ መረዳእታ ኣየካትትን፡፡

(3) ኣብ ናይ ጥዕና ክንክን ትካል ዘለው ኣስራሕቲ ኣብ RCW 9A.50.010 ዝተገለፀ ክገብርዎ ዘለዎም:

(a) ልዑል ናይ ምልባድ ስግኣት ወይ ከም ዘሎ ተተፈሊጡ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓት ነቲ ሰራሕተኛ ምፍላጥ፡፡

(b) እቶም ኣስራሕቲ ናይቲ ሕማም ምልባድ ልዑል ስግኣት ወይ ከም ዘሎ ተፈሊጦም ናይቲ ሰራሕተኛ ፍቓድ ብምርካብ ንተወከልቲ እቲ ማሕበር ኣብ ውሽጢ 24 ምሕባር፡፡

(4) ንዑስ ኣንቀፅ ንምውፃእ ዕላማ ብምግባር፡

(a) ልዑል ተቓላዕነት፡፡ እኹል ናይ መተንፈስን ኩሎም ውልቃዊ ናይ ሓለዋ መሳርሒ እንክይተኸደንካ ኣብዞም ኩነታት ውሽጢ ምእታው፡፡

(i) እቲ ብቑዕ ሰብ ሕማም ኣብ ዘመሓልፈሉ እዋን ካብ ሽዱሽተ ጫማ ርሕቀት ውሽጢ ኮይንካ ኣብ ተመሳሳሊ ክፍሊ ን 15 ደቓይቕ ወይ ንልዕሊ 24 ሰዓት ምፅናሕ፡፡

(ii) ምስቲ ኣሮዛል ጀነሬሽን ከይዲ ዝካየደ ብቑዕ ሰብ ኣብ ተመሳሳሊ ክፍሊ ምኳን፡፡ ናይ ኣሮዛል-ምጅማር ከይዲ ዝርዝር ኣብ https://www.doh.wa.gov/Portals/1/Documents/1600/coronavirus/COVID19InfectionControlForAerosolGeneratingProcedures.pdf ይርከብ፡፡

(iii) ናይቲ ምዕራይ ሰዓት ኣቐዲሙ እቲ ብቑዕ ዝኾነ ብ ኣሮዛል ጀነሬሽን ከይዲ እንተድኣ ተኻይድሉ፡፡

**መዘኻኸሪ፡** COVID-19 ዘለዎም ሰባት፡ ናይ ሕማም ስምዒት እንክይተሰምዖም/ምልክት ቅድሚ ምርኣዮም (ወይ ምልክት ንዘርኣዮ ሰባት ድማ ምርመራ ናሙና ቅድሚ ምውሳዱ ክልተ መዓልቲ ቀዲምካ) ክልተ መዓልቲ ኣቐዲሞም ክሳዕ እቲ ሰብ ካብ ስራሕ ንክፍለይ ወይ/ ዝወፃሉ እዋን ወይ እቲ ናይ ሕማማት መቆፃፀሪ ማእኸል (CDC's) ናብ ስራሕ ምምላስ መለክዒ ፕሮቶኮል፡ እዚ ድማ እቲ ዝነውሐ እዩ (https://www.cdc.gov/coronavirus/2019-ncov/hcp/mitigating-staff-shortages.html; ኣብ ዕለት ዲሰምበር 23, 2021 ዝኣተወ ረኣዩ)፡፡

**መዘኻኸሪ፡** መዕረይ ሰዓት ማለት ብናይ CDC መምርሒ መሰረት ብምግባር እቲ ኣየር ካብቲ ክፍሊ 99.9 ሚእታዊ ብዝግባእ ዝፀርየሉ ግዘ እዩ፡፡ (https://www.cdc.gov/infectioncontrol/guidelines/environmental/appendix/air.html#tableb1 ረኣዩ)፡፡ እዚ ድማ እቲ ከይዲ ድሕሪ ምዝዛሙ ካብ ሰለስተ ሰዓት ኣብ ዘይበለፀ እዋን፡፡ ኣብ ትሕቲ DOH ክሊኒካዊ ትካል መለክዒ ሓደ ሰዓት እኹል ክሊኒካዊ ግዘን (ብሰዓት ሽዱሽተ ናይ ትንፋስ ምልውዋጥ)15 ደቓይቕ ድማ ብትንፋሽ ዝመሓላፉ ሕማማት ምፍላይ ክፍሊ(AIIR) እኹል እዩ፡፡

(b) ናይ ምቅላዕ ምልክታ፡፡ ካብዞም ዝስዕቡ ማለት እዩ፡

(i) ነቲ ኣስራሒ ካብ ህዝባዊ ጥዕና በዓል ሞያ ወይ ልቸንሳ ዘለዎ ሕክምና ኣቕራቢ እቲ ሰራሕተኛ ኣብ ስራሕ ቦታ ከም ዝተቓልዐ ብቑዕ ከም ዝኾነ እንተድኣ ኣፍሊጦም፡፡

(ii) እቲ ሰራሕተኛ ወይ ናይ ሓደጋ እዋን ተፀዋዒ ዝኾነ ነቲ ኣስራሒ ብቑዕ ከም ዝኾነ እንተድኣ ሓቢርዎ፡፡

(iii) እቲ ኣስራሒ ብዘካይዶ ናይ ምርመራ ከይዲ እቲ ሰራሕተኛ ብቑዕ ከም ዝኾነ ምልላይ፡፡

(c) ብቑዓት ዝኾኑ ውልቀሰባት ማለት ዝኾነ :

(i) እቲ ሰብ ከም ዝተጠቕዐ ወይ ህፁፅ ናይ ህዝቢ ጥዕና ሓደጋ እዮም ዝተብሃሉ ሕማማት ከም ዘለዎ ዘመላኽት ናይ ላብራቶሪ ውፅኢት፡

(ii) እቲ ሰብ ካብ ሊቸንሳ ዘለዎ ናይ ጥዕና ክንክን ኣቕራቢ ህፁፅ ናይ ህዝቢ ጥዕና ሓደጋ ተባሂሉ ዝተፈለየ ሕማም ከም ዝተጠቕዐ ዘርኢይ ውፅኢት፡፡

(iii) ህፁፅ ናይ ህዝቢ ጥዕና ሓደጋ ምኽንያት ዝላበድ ሕማም ስለዝተረኽቦ እቲ ብ ንክፍለይ ዝወፀ ትእዛዝ፡ ወይ

(iv) ህፁፅ ናይ ህዝቢ ጥዕና ሓደጋ እዋን እቲ ሰብ ብዝላበድ ሕማም ከም ዝሞተ እቲ ከባብያዊ ጥዕና ክፍሊ እንተድኣ ወሲኑ፡፡

(d) ናይ ስራሕ ቦታ እቲ ዝተብሃለ ሰራሕተኛ ዝሰርሓሉ ህንፃ፡ ድኳን፡ ትካል፡ ናይ ሕርሻ መሬት ወይ ካልእ ቦታ ማለት እዩ፡፡ ‹‹ናይ ስራሕቦታ›› ክበሃል ከሎ እቲ ዝተብሃለ ሰራሕተኛ ዘይኣተዎሎም ህንፃታት፡ ክፍልታት ወይ ካልኦት ቦታታት ኣየካትትን፡፡

[]

ሓድሽ ክፍሊ

**WAC 296-62-601 ኣብ ህፁፅ ህዝባዊ ናይ ጥዕና ሓደጋ እዋን ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሕታት ምጥቃም፡፡**

[]

ሓድሽ ክፍሊ

**WAC 296-62-60101 ዕላማን ስኮፕ፡፡** WAC 296-62-601 ክሳዕ 296-62-60103 ሰራሕተኛት ኣብ ህፁፅ ናይ ጥዕና ሓደጋ እዋን ብወንታ ውልቃዊ ሓለዋ መሳርሒ ንከገብሩ ዘገድድ እንትኸውን እዚ ድማ ኣብ ናይ

2021 (SB 5254) ሕጊ ምዕራፍ 146፡ ኣብ ናይ 2021 ሕጊ ምዕራፍ 252 ድማ ኣብ ህፁፅ ናይ ጥዕና ፀገም

መከላኸሊ መሳርሒ ብዛዕባ ምጥቃም ይዝርዝር፡፡ እዞም መለክዕታት ኣብ ዋሽንግተን ስቴት ህፁፅ ናይ ህዝባዊ ጥዕና

ሓደጋ ኪጋጥም ከሎ ኣብ ሰራሕተኛታት ዝትግበሩ እዮም፡፡

[]

<u>ሓድሽ ክፍሊ</u>

**WAC 296-62-60102 መግለፅታት፡፡** ***ሰራሕተኛ፡፡*** እዚ ማለት ብመሰረት WAC 296-27-02103 OSHA 300 መዝብ ናይ ሰራሕተኛ ማህሰይትን ሕማም ናይ ምምዝጋብ ሓላፍነት ዘለዎ ኣሰራሒ፡ WAC 296-27-02103(2) መሰረት ብምግባር ዕለታዊ ሰራሕተኛ ዘቕርቡ ካብ ግዝያዊ ናይ ደገፍ ኣገልግሎት ኣሰራሕቲ፡ ናይ ኣሰራሕቲ ሊዝ ኣገልግሎት፡ ሰባት ናይ ምቕራብ ኣገልግሎት ይሓውስ፡፡

***ህፁፅ ናይ ህዝቢ ጥዕና ሓደጋ*** ማለት ተመሓላላፊ ወይ ተላባዲ ሕማም ንምቁፅፃርን ንምክልኻል ተባሂሉ ዝወፅእን እቲ ውልቀሰብ ወይ ትካል ስራሕቱ ዘካይደሉ ከባቢ ዘካተተ እንትኸውን በዞም ዝስዕቡ መንገድታተት ድማ ይወፅእ፡

(a) ፕረዝዳንት ዩናይትድ ስቴት ሀገራዊ ወይ ክልላዊ ህፁፅ ሓደጋ እንተኣዊጁም፡

(b) እቲ ኣመሓዳሪ ብ RCW 43.06.010(12) መሰረት ብምግባር ህፁፅ ግዘ ኣዋጅ እንተኣዊጁ፡ ወይ

(c) ብመሰረት RCW 70.05.070 ብናይ ከባብያዊ ጥዕና ሓላፊ ትእዛዝ እንተድኣ ወፂኡ፡፡

[]

<u>ሓድሽ ክፍሊ</u>

**WAC 296-62-60103 ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሕታት ናይ ምጥቃም ግዴታ ብወለንታ ምጥቃም፡፡**

(1) ሰራሕተኛታት ወይ ኮንትራክተራት ዝተፈለየ ናይ መከላኸሊ መሳርሒ ንክኸደኑ ዘየገድዱ ኣስራሕቲ ንሰራሕተኛታቶም ናይ ኢድ ጓንቲ፡ መነፀር፡ ገፅ መሸፈኒ፡ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ ሓዊሱ እቲ ሰራሕተኛ የድልይ እዩ ኢሉ ዝሓስቦም መመከላኸሊ መሳርሕታት ዓይነት ብወለንታ ክጥቀሙ ክገብር ኣለዎ፡፡

(2) ናይዚ ክፍሊ ንዑስ ክፍሊ (1) ዝትግበር እዚ ዝስዕብ እንተኾይኑ ጥራሕ እዩ:

(a) እዞም መከላኸሊ መሳርሕታት ብወልንታ ምጥቃም ናብቲ ናይ ስራሕ ከባቢ ሓደጋ ዘየምጽእ እንተድኣ ኮይኑን እቶም ልዕል ኢሎም ዝተጠቐሱ ምዕራፋትን ብሰራሕተኛታትን ኢንዱስትሪ (L&I) ናይ ሞያዊ ድሕንነትን ጥዕና (DOSH) ዝወፁ ሕግታት ዘይጠሓሰ ክኸውን ኣለዎ፡፡

(b) ገፅ ዝሸኑ ነገራት ምጥቃም ናይቲ ሰራሕተኛ ናይ ድሕንነት መለከዒ ዝፃባእ እንተዘይኮይን፡ ከምኡ ድማ

(c) ብወልንታ እዞም መከላኸሊ መሳርሕታት ምጥቃም ምስቲ ብናይ ጥዕና ክፍሊ ወይ DOSH ዝተገለፀ ስታንዳተርድ መሳርሒ ዘይፃባእ እንተኾይኑ፡፡

(3) ኣሰራሒ እቲ ብወለንታ ዝጥቀምዎ ውልቃዊ ናይ ምክልኻል መሳርሒ ናይቲ ስራሕ ጥዕናን ድሕንነት መዐቀኒ ደንቢ ከም ዘማልእ ከረጋግፁ ይኽእሉ እዮም፡፡

[]